# ደምዳሚ መግለጺ ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼባ ፈጻሚ ኣካል
# ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

*ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ካብ ዕለት 05 ክሳብ 08/05/2025 ዘካየዶ ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼባኡ ብዓወት ኣሰላሲሉ።*

*ኣኼባ ፈጻሚ ኣካል፡ ኣብ ክሊ እቲ፡ ብዞባዊ ድረጃ ኮነ፡ ብጀኡ-ፖሊቲካዊ ክውንነት ከቢቡና ዘሎ ሃዋሁን፣ ምስኡ ዝተኣሳሰረ ሰፊኑ ዘሎ ናይ ወጥርን ዘይምርግጋእን ፖለቲካዊ ኩነታት እዩ ተሰላሲሉ። እቲ ኣብዚ ሁመት'ዚ፡ ኣብ ልዕሊ ሃገርና ክወርድ ዝኽእል ኣሉታዊ ጽልዋን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዕለታዊ ማሕበራዊ መነባብሮ ህዝብና ከስዕቦ ዝኽእል ፖለቲካውን ቁጠባውን ጉድኣት ኣብ ግምት ዘእተወ ገምጋም ብምግባር ድማ፡ ነቲ ካብዚ ስዒቡ ክመጽእ ዝኽእል ናይ ስግኣታትን ሓደጋታትን ተኽእሎታት፣ ኣቐዲምካ ንምግማት ዘኽእል ጥንቁቕ ንባብን ምክትታልን ምግባር ዝሓትት ምዃኑ፡ ፈጻሚ ኣካል ኣስሚርሉ። ነዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ክውንነት ዘጠቓለለ፣ ፖለቲካዊ ትንተና ብዕምቆት ብምርኣይ፡ ምስ ሃገራዊ ቃልስና ዝተኣሳሰሩ ኩሎም ጉዳያት ብግቡእ መሚዩ ከም መምርሒ ዘገልግል መደምደምታታት ሓንጺጹ። ብድሕሪ'ዚ ኣኼባ፣ ጸብጻባት ስራሓት ናይ ኣብያተ ጽሕፈታት ፈጻሚ ኣካል ሰሚዑ፣ ዝተኻየዱ ስራሓት ብምግምጋም፡ ኣወንታውን ኣሉታውን ጉዳያት ብግቡእ ብምርኣይ ድማ፣ ንዝቐረቡ ጸብጻባት ኣጽዲቑ።*

*እቲ ኣብ ዝሓለፈ 34 ዓመታት፡ ደውላ (STATE) ኣብ ምህናጽ ዝፈሸለ ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብዚ ጽንኩር ኩነታት'ዚ፡ ሕልና ኣጥርዩ ምስ ህዝቡ ክላዘብን፡ ነታ ሃገር ካብቲ ዘላቶ ዓዘቕቲ ናብ ጎደና ድሕነት ከሰጋግራን፡ ቅሩብነት ይኹን ብቕዓትን ዘይብሉ ምዃኑ ድማ፥ እቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ክውንነት ዝምስክሮ ሓቂ ምዃኑ እኼባ ሚዛኑ ኣንቢሩ።*

*ደምበ ተቓውሞ፡ ነባራት ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን፡ ከምኡ'ውን በርገሳዊ ማሕበራትን ዝሓቖፈ ኮይኑ፡ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ካብ እንግድዓ ህዝብና ብምልጋስ፡ ኣብ ሃገርና ፍትሕን ማዕርነትን ዲሞክራስን ንምንጋስ ዝገብሮ ዘሎ ቃልሲ፡ ናይ ኩሎም ናይ ሓባር ዕላማ'ኳ ይኹን'ምበር፡ ኣብ ተግባር ግን፡ ኣብ ነንሕድሕዱ ዘይሳነን ዘይቃደውን ኩነታት ጥሒሉ እዩ ክጉዓዝ ጸኒሑን ዘሎን። እቲ ከምዚ ዝኣምሰለ ዘይቅቡል ባህርያት ድማ፣ ነቲ ሓይልታት ደንበ ተቓውሞ ብሓደ ልሳን ንኸየድምጽን፡ ብሓደ ስትራተጂ ንኸይሰርሕን፡ ዓቢ ዕንቅፋት ኮይንዎ ይርከብ። ከይዱ ከይዱ ድማ፡ እዚ ክውንነት'ዚ፡ ነቲ ከነዐውቶ ንቃለሰሉ ዘለና ሃገራዊ መስመርን ዕላማን ዝዕንቅፍን፡ ንድሕሪት ዝጎትትን ኮይኑ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ ሃገር ይኹን ኣብ ስደት ዝነብር ህዝብና ናይ ምድንጋርን ተስፋ-ቀቢጽነትን ባይታ ክፈጥር ይርአ ኣሎ። እቲ ኣብ ከም'ዚ ዝዓይነቱ ኩነታት ዝሕመስ ዘሎ ደምበ ተቓውሞ እምበኣር፡ ካብ ቅኑዕ ስትራተጂካዊ ኣረኣእያን ኣተሓሳስባን ተበጊሱ፡ ናብ ዓበይቲ ሃገራዊ ጉዳያት ዘማዕደወ ፖለቲካዊ ዕዮ ኣብ ምክያድ ክንጸምድ፡ ዘለናዮ መድረኽ ብዝያዳ ዝጠልቦ ግዴታ ምዃኑ ኣኼባ ኣስሚርሉ። ነቲ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ሰፊኑ ዘሎ ክውንነት ንምቕያር ከኣ፡ ምስ መን ብምምሕዛው ንሰርሕ ዝብል ሕቶ፣ ንልዕላውነት ሃገርናን ንመሰል-ርእሱ-ውሳኔ ህዝብናን ዘውሓሰን፡ ንነጻ ፖለቲካዊ ናጽነትና ዘይደፍርን ክኸውን ከም ዝግባእ፣ ኣኼባ ፈጻሚ ኣካል ብትሪ ኣስሚርሉ። ነዚ መስመር'ዚ ተኸቲሉ ዝግበር ቃልሲ ንምዕዋት ድማ፡ ውድብና ብዕቱብነትን ተወፋይነትን፡ ንጥቕሚ ሃገርናን ህዝብናን ብዘውሓሰ ኣገባብ፡ ሃናጺ ግዴኡን ጻዕርታቱን ብቐጻሊ ከካይድ ምዃኑ፡ 3ይ ስሩዕ ኣኼባ ፈጻሚ ኣካል ደጊሙ ኣረጋጊጹ።*

*ፈጻሚ ኣካል ብዛዕባ እቶም ብግፍዒ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ዕሸል ዕድሜኦም ዝተበደሉ ኤርትራውያን መንእሰያት፡ ተቐበልቲ ሕድሪ፣ ኣብ ዘዘለውዎ ከባቢ፣ ኣብ ሃገርና ለውጢ ንምርግጋጽ፣ ኣብቲ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ብምስታፍ ተራኦም ክብ ንኽብሉ እናኣተባባዕና፣ ነቲ ዝተበገሱሉ ቃልሲ፣ ሕመረት ሃገራዊ ዕላማ እናዓቀቡ፡ ተራኦም ከዕዝዙ ኣትሪሩ ጸዊዑ።*

*ቀጺሉ ፈጻሚ ኣካል ኩነታት ሃገርናን ዞባናን ኣብ ዝዘተየሉ ግዜ፣ እቲ ንልዕላውነት ሃገርናን ንድሕነት ህዝብናን “ዝህድድ” ፡ ዝዓበየ ስግኣት፡ ወትሩ ካብ ሸነኽ ኢትዮጵያ ዝመጸና ምንባሩ ሰነዳት ታሪኽ ዝምስክሮ ኮይኑ፥ ኣብዚ እዋንዚ እንተኾነውን፡ ሸሕ’ኳ ናይ ምናልባታት ሕቶ ይሃልዎ ምበር፡ ኤርትራ ሃገርና፡ ገና ካብ’ዚ ሓደጋታት’ዚ፡ ነጻ ክትከውን ኣይከኣለትን ክበሃል ይከኣል። እቲ ኣብዚ እዋንዚ፣ ብጉዳይ “ውንና ኣፍደገ ባሕሪ” ብምስባብ፣ ብመራሕቲ ፈደራል መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝካየድ ዘሎ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ወፈራታት፡ ኣብ ሕጋዊ ስምምዕ ዝተመስረተ ፍታሕ መሳለጥያታት ወደብ ንምጥቃም ዝሓለነ ዘይኮነስ፡ ብኣንጻሩ፡ ብናይ ምውናን ሕልናን ጥምሖትን ዝተደረኸ ናይ ዓመጽ ኣቕዋም ዝግዛእ እዩ። እዚ ኣብ ሕጋውነት ይኹን ርትዓውነት ዘይምርኮስ መንፈስ’ዚ ድማ፡ ብሓፈሻ ንሰላምን ርግኣትን ናይቲ ዞባ ዝህውኽ ክኸውን ከሎ፣ ብባህርያቱ ድማ ዘይሓላፍነታውን ጸረ ሰናይ ጉርብትናን እዩ። ልዑላውነት ኤርትራ ክቡር ዋጋን መስዋእትን ዝተኸፍሎ፡ ብማንም ዓይነት ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘይኣቱ ጉዳይ ኮይኑ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብዚ መዳይ’ዚ ኣለኒ ዝብሎ ሸግር መሳለጥያታት ወደብ ብዝምልከት፣ ኣብ ክሊ ሕድሕድ ምክብባር ልዕላውነትን፣ ንሓባራዊ ወይ ክልተኣዊ ረብሓታት ዘረጋግጽ ስምምዕን ጥራሕ ክፍታሕ ከም ዝኽእል፡ ኣኼባ ፈጻሚ ኣካል፣ መርገጽ ውድብና ብምንጻር፡ ኣስሚርሉ።*

*ካልሳይ ስሩዕ ኣኼባ ፈጻሚ ኣካል፡ ነቲ ኣብ ጉዕዞ ዝርከብ መስርሕ ፍጹም ሓድነት ውድባት ”ኤርትራዊ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ልፍንቲ” ፡ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ኣመዝሲሑ። ነቲ ብላዕለዋይ መሪሕነት ወጺኡ ዘሎ መደብ ዕዮ ንምዕዋት ድማ፣ ውድብና ብዕቱብነት ክሰርሓሉ ምዃኑ ደጊሙ ኣረጋጊጹ።*

*ኤርትራዊ ሃገራኢ ባይቶ፡ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፣ ( ኤ.ሃ.ባ. ዲ. ለ.) ከም ዓቢ ሃገራዊ ጽላልን፣ ንኹሉ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ዝሓቑፈ፡ ሃገራዊ ጽላል ከም ምዃኑ መጠን፣ ንምምዕባሉን ንምሕያሉን ውድብና፣ ምስ ኩሎም ኣካላት ባይቶ ብምትሕብባርን ምውህሃድን፡ ብትግሃት ክሰርሕ ጸኒሑ እዩ። ነቲ ኣብ ቀረባ እዋን ንኽካየድ ተመዲቡ ዘሎ ሳልሳይ ጉባኤ ኤ.ሃ.ባ.ዲ.ለ. ንምዕዋት ድማ፡ ብቐጻሊ ልዑል እጃሙ ክጻወት ምዃኑ፣ ኣኼባ ፈ. ኣካል ደጊሙ ኣረጋጊጹ። ኣብዚ መዳይ’ዚ ኩሎም ግዱሳት ሃገራውያን፡ ነዚ ሰፊሕ ሃገራዊ ጽላል’ዚ ዝዓሞ ዘሎ ሃገራውን ህዝባውን ዕማም ንምዕዋት፣ ንዋታውን ንያታውን ሓገዞም ከበርክቱ፡ ፈጻሚ ኣካል ብኽብሪ ይጽውዕ።*

*ፈጻሚ ኣካል ነቲ ኣብ ኢትዮጵያ ተኸሲቱ ዘሎ ኩነታት፡ ነቲ ዞባ’ውን ቅሳነት ዝህብ ከምዘይኮነ ገምጊሙ። እቶም ኣብ ክልላት ትግራይን፡ ኣምሓራን፡ ኦሮሞን፡ ከምኡ’ውን ኣብ ብካልኦት ከባቢታትን፡ ዝረአዩ ዘለዉ ወጥርን ምርጻምን፣ ብእዋኑ ፍታሕ ረኺቦም መዕለቢ እንተዘይተገይርሎም፡ ዞባዊ ቅሉውላው ንኽኸሰት ዘተባብዕ፡ ምቹእ ቅድመ-ባይታ ናይ ሓደጋ ክኸውን ከም ዝኽእል፡ ካብ ወድዕነት ዝረሓቐ ኣይመስልን። ብፍሉይነት እቲ ኣብ ትግራይ ዝካየድ ዘሎ ንሕንሕ፡ ብቐረባ ስለ ዝጸልወና ድማ፣ ናበይ ገጹ ከምርሕ ምዃኑ፡ ትኩር ኣቓልቦን ናይ ቀረባ ምክትታልን ዝሓትት ጉዳይ ምዃኑ፡ ኣኼባ መዚኑ። ኣብ መላእ ኢትዮጵያ፡ ጠለብ ሕቶ “ርእሱ-ምሕደራ” ፡ ብዝተፋላለየ መልክዓቱ፡ እዋናውን ህያውን ጠለብ ኣብ ዝኾነሉ ዘሎ እዋን፣ ከም’ውን በቲ ኣብ ትግራይ ዝካየድ ዘሎ ናይ ስልጣን ውድድርን፡ ንቀጻሊ ኣብ ኢትዮጵያ ክፍጠር ዝኽእል ናይ ስልጣን ኪዳን ምቅይያርን* (Power Alliance Shift) *ብኸመይ ይጸልወና ብዝምልከት፡ ማእከላይ ሕቶ ይኸውን። ብወገና፡ ናብ ሰላም ዘምርሕ ጉደና ተኸቲሉ፡ ንምርግጋጽ ረብሓን ጥቕምን ናይ ክልቲኡ ኣህዛብ (ኢትዮጵያን-ኤርትራን) ዝዓለመን፡ ኣብ ንጹር ስትራተጂ ዘትከለን፡ ፍትሓውን ቅኑዕን ዝምድና ምስ ዝምስረት ጥራሕ ምዃኑ፡ እቲ ቀዋሚ ዝኾነ ሰላም ክረጋገጽ ዝኽእል፣ ዝብል እምነት ኣለና። እንተኾነ ስርዓት ህግደፍ፡ ጥቕሚ ሃገር ንጎኒ ገዲፉ፡ ንቐጻልነት ስልጣኑ ወትሩ ቀዳምነት ዝሃበ ስርዓት ስለ ዝኾነ፡ ሕቶ ዝምድና ምስ ጎረባብትን፣ ኣፈጻጽማኡን ብዝምልከት፣ ነቲ ናይቲ ስርዓት ተለዋዋጥን ዘየትክል ፖለቲካዊ መርገጻትን ዘለና ተመኩሮ መሰረት ዝገበረ ትዕዝብቲ ኣብ ግምት ብምእታው፥ ጉጅለ ህግደፍ ምስ ጎረባብቲ ሰላም ኣብ ምፍጣር ክሰርሕ ብቕዓት ይኹን ድሌት ከም ዘይብሉ ኣመስኪሩ እዩ። ስለዚ ድማ፡ ንጉዳይ ልዕላውነት ሃገርናን ድሕነት ህዝብናን ኣብ ምዕቃብ ብዝምልከት፡ ንኹልና ኤርትራውያን ሃገራውያን ተቓለስቲ፡ ናይ ስግኣትን ሻቕሎትን ስምዒት ክሓድረና ስኑ-መጎታዊ ይኸውን።*

*እዚ ኣብዚ እዋንዚ ኣብ መንጎ ሓደ ሸነኽ መሪሕነት ህወሓትን ህግደፍን ኣብ ባይታ ዝርአ ዘሎ ብ“ጵምዶ” ዝፍለጥ ቲያትር፣ ነቲ ልዕል ኢልና ዝገለጽናዮ ስክፍታን ሻቖሎትን፡ ብዝይዳ ዘራጉድ ብሩህ ኣብነት ኢዩ። እዚ*

*ዘይንጹር ኣካይዳ’ዚ ኣብ ምንታይ ዕላማ ዝተሞርኰሰ ኢዩ ? እንታይ ፖለቲካዊ ሰናርዮኽ ዘማዕደወ ዩ ዝብል ሕቶ ድማ፣ ናይ ቀረባ ምክትታል ዝሓትት፣ ውንዙፍ ሕቶ እዩ።*

*ኣብ ሱዳን፡ ዞባውን ኣህጉራውን ጥቕምታት ዝሓዘ፡ ናይ ጆኦ-ስትራተጂ ውጥናት ኣብ ግምት ዘእተወ ሓደጋታት፡ ነታ ሃገር፡ ኣብ ስእነተ-ቅሳነትን ሓደጋ ናይ ምብትታንን ዘሰዓበ ክውንነት ኣውዲቕዋ ይርከብ። እዚ ጉዳይ’ዚ ብዝቐልጠፈ ኣብቂዑ፡ ጎረቤት ዝኾነት ሃገር ሱዳን፣ ሓድነታ ሓልያ፣ ናብ ንቡር ህላወ ክትሰጋገር ድማ፡ ተስፋናን ትጽቢትናን ምዃኑ ክንገልጽ ንፈቱ። ደቡብ ሱዳን እንተኾነ ውን፣ ኣብ ኣፍደገ ሓድሽ ኲናት ሕድሕድ ዘመልክት መቕድም ኣብ ዝረአየሉ ዘሎ እዋን ኣትያ ትርከብ። እዚ ኩነታት’ዚ ድማ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ተኸእሎ ናይ ዘይምርግጋእ ሃዋሁው ንኺይፍጠር ዘሰግእ፡ ተወሳኺ ዝኾነ ኣሉታዊ ባይታ እዩ።*

*ጉዳይ ህዝቢ ፍልስጤም፣ ሕዝቢ ፍልስጤም ነቲ ዝተመንዝዐ መሰላቱን መሬቱን ንምምላስን፡ ነጻ ሃገረ ፍልስጤም ንምምስራንትን ዝገብሮ ዘሎ ፍትሓዊ ቃልሲ ፈ. ኣካል ደገፉ ኣረጋጊጹ። እቲ ብወተሃደራት እስራኤል፣ ኣብ ልዕሊ ሰቪላዊ ህዝቢ ፍልስጤም ዝፍጽሞ ዘሎ ህልቀታት ደው ከብልን፣ ማሕበረተ-ሰብ ዓለም ነቲ ኲናት ብቕጽበት ደው ክብል ጽቕጠት ንኽገብርን፣ ኣኼባና ጸዊዑ።*

*ኣብ መደምደምታ፡ መሰረታት ግ.ሃ.ድ.ኤ. ንኹሉ ብሃገራውን ህዝባውን ዝልለ፣ ውድቡ ዝቃለሰሉ ዘሎ ዕላማ ኣብ ምዕዋት ዘካይድዎ ዘለዉ ዘይሕለልን ምዑትን ቃልሲ፡ ኣኼባ ፈጻሚ ኣካል ልዑል ምጎስ ሂቡን፣ ንቕጻልነቶም ድማ ኣተባቢዑን።*

*ልዕላውነት ፍትሕን ዲሞክራስን ኣብ ሃገርና ይንገስ !!*
*ክብርን ዝኽርን ንጀጋኑ ሰዉኣትና !!*

*ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼባ ፈጻሚ ኣካል*
*ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ*
*10/05/2025*